**BAYTO YIAKL USA**
P.O. Box 29129
San Antonio, TX 78229

Office: (210) 881-0587
leul.zwede@baytoyiakl.org
www.BaytoYiakl.org

መግለጺ ኩነኔ

ባይቶ ይኣክል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ: ነቲ ብማእከላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብ18 ጥቅምቲ 2021 ኣብ ኣብ ከተማ መቀለ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባትን ንብረትን ብነፈርቲ ኩናት ዘካየዶ ደብዳብ ብጥብቂ ይኹንን።

ኣብ ሕዳር 2020 ኩናት ክልል ትግራይ ካብ ዝወላዕ ካሳብ እዚ እዋንዚ: ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ትግራዎትን ኤርትራወያን ስደተኛታተን ትሕተ ቅርጽን ይቅረ ዘይብሃሎ ቅትለት: ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን: ዕንወትን ገበናትን ተፈጺሙ እኳ እንተኾነ: ካብ ግንባር ውግእ ኣዝዩ ኣብ ዝርሓቐ ቦታን ኣብ ልዕሊ ብረት ዘይዓጠቑ ቆልዓ ሰበይቲ ብነፈርቲ ኩናት ደብዳብ ምክያድ ግን ዘይቅቡልን ኣረሜናዊ ተግባራትን ኢዩ።

መርገጺ ባይቶ ይኣክል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ: ኩናት ክልል ትግራይ ካብ ዝውላዕ: ኣብ ልዕሊ ሰላማውያንን ስደተኛታትን ብዝኾነ ወገን ዝፍጸም ቅትለትን ዓመጽን ምግሃስን ምኽኑይ ከምዘይኮነን ተግበርቱ ኣብ ሕጊ ክቐርቡ ከምዝግባእን ከነጽር ጸኒሑ ኢዩ።

እዚ ዓመቱ ተቐሪቡ ዘሎ ኩናት ክልል ትግራይ ድማ ብዘይካ መቕዘፍትን ዕንወትን ብሓይሊ ብረት ክፍታሕ ከምዘይክእል ኣረጋጊጽዎ ሰለዘሎ: እቲ እንኮ ኣማራጺ ፍልልያት ብዘተ ምፍታሕን ተጻብኦን ሓዊ ምስዋርን ጠጠው ምባልን ኢዩ።

እቲ ኣብ ከተማ መቐለ ብነፈርቲ ኩናት ማእከላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ቅትለትን መውጋእትን ሰላማውያን ሰባት: ከምኡ እውን እቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕን ገና ዝቕጽል ዘሎን ኣብ ልዕሊ ብረት ዘይዓጠቑ በርጌስን ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝፍጸም ዘሎ ገበናት ማሕበረ ሰብ ዓለም ክኹኑኖ: ፈጸምቱ ኣብ ሕጊ ክቐርቡን መግትኢ ክገብረሉን ይግባእ።

ባይቶ ይኣክል ሕቡራት

መንግስታት ኣሜሪካ

19 ጥቅምቲ 2021